**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ**
**ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን**
**ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ**
**ሆላንድ።**

**Eritrean Orthodox Tewahdo**
**MedhanieAlem kerk**
**Amstelveen -Amstelland**
**Holland.**

17 ሚያዝያ 2013 ዓ.ም.ግ.
25 ሚያዝያ 2021 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2013-266

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ሐበሬታ ብዝዕባ ኮሮና ቫይረስን ህልዊ ምዕባለታትን/ለውጥታትን/፡

ዝኸበርኩም ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፡
መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕዳም ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን፡ ኣብ ሥራሕኩም ከኣ ጽቡቕ ግስጋሰን ዓወትን ንምነየልኩም።

ካብ'ዚ ብምቕጻል ጉዳይ ሕማም ኮሮናን ብመንግሥቲ ነዘርላንድ ተመዲቡ ዘሎ ሓድሓደ ለውጥትታን፡ ምስ ኣገልግሎት ቤተክርስትያንናን ምስ መዓልታዊ መነባብሮናን ዘራኽብ ስለ ዘለዎ፣ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ/መልእኽቲ ከነመሓላልፈልኩም ንፈቱ፥

እተን መሠረታውያን ዝኾና ኩሉ-ሓደ፡ ሕማም ኮሮና ኣብ ምክልኻል ክኽተለን ዘለዎ 3 ኣገደስቲ ነጥቢታት፡ ከም ዘለወኦ ኰይነን ኣይተቐየራን። ንሳተን ከኣ፣

1- ብዙሕ ጊዜ ኢድካ ብሳሙና ኣጸቢቕካ ተሓጸብ፥
2- ምስ ካለኦት ሰባት ብ1.5 ሜትሮ ተረሓሓቕ፡ ከምኡ ከኣ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ሸፍኖ፥
3- እንድሕር ጽቡቕ ዘይተሰማዓካ (ሓሚምካ) ቀዳምነት እትገብሮ፡ ካብ ገዛኻ ዘይምውጻእ ኰይኑ፡ ቈጸራ ጌርካ ክትምርመር ይግባእ።

<u>**ቀዳማይ ስጉምቲ**</u>፥ ካብ ዕለት 26 ሚያዝያ 2021 እዞም ዝስዕቡ ንኮሮና ዝምልከቱ ናይ ለውጢ ስጉምቲታት ተወሲዶም ኣለዉ፣

1- ኣብ ዕለት 28 ሚያዝያ 2021 ካብ ሰዓት 4:30 (ወጋሕታ) ጀሚሩ ሕላፍ ሰዓት ተላዒሉ ኣሎ፣
2- ኣብ መዓልቲ ኣብ ገዛኻ እትቕበሎም ኣጋይሽ ዝለዓለ ቊጽሪ 2 ሰባት ጥራይ ኢዩ። ኣብ መዓልቲ ካብ 1 ጊዜ ንላዕሊ ናብ ካልኦት ሰባት ብጸሖት ኣይትኺድ፣
3- ኣብ ደገ ዝርከቡ ቦታታት መቐበል ኣጋይሽ (terrassen) ኣብ ትሕቲ ቅድመ-ኩነት፡ ካብ ሰዓት 12:00 ክሳብ 18:00 ክኽፈቱ ተፈቒዱ ኣሎ። እቲ ዝበዝሐ ቊጽሪ 50 ኰይኑ፡ ኣብ ሓንቲ ጣውላ 2 ሰባት ጥራይ ኮፍ ክብሉ ይግባእ፥ 1.5 ሜትሮ ከኣ ክረሓሓቑ ኣለዎም። እትደልዮ ነገር እቲ ሠራሕተኛ ጥራይ ኢዩ ዝቕርበልካ/ዘምጻኣልካ። ኣብ ውሽጢ እቲ 'ካፈ' ወይ 'ረስቶራንት' ግን ኣፍካ ክሸፈን ኣለዎ።
4- ኣብ ኩሎም ናይ መሸጣ ዕዳጋታት (ሹቓት) ኣቐድምካ ቈጸራ ብዘይምግባር ክትበጽሖም/ክትኣቱ ትኽእል። ብዙሕ ተደለይቲ ዘይኰኑ ሹቓት፡ ንኣብነት እንዳ ክዳውንቲ፡ ካብ ሰዓት 6:00 ንጉሆ ክሳብ ሰዓት 20:00 ምሸት ጥራይ ይኽፈቱ። ካልኦት ግን ከም'ቲ ቀደም ዝነበረ ዝኸፍትሉ መምርሒ ተኸቲሎም፡ ክኸፍቱ ነጻ ኢዮም።
5- ላዕለዋይ ናይ ትምህርቲ ደረጃ (HBO & Universiteiten) ዝኽተሉ ተመሃሮ፡ ብግምት ኣብ ሰሙን 1 ጊዜ ናብ ቤት ትምህርቶም ክኸዱ፡ ኣብ ትሕቲ ቅድመ-ኩነት ናይ 1.5 ሜትሮ ምርሕሓቕ፡ ተፈቒዱ ኣሎ።
6- ንምምራሕ መኪናን፡ ኣየርን ካልእን ዝምልከት፡ ናይ ጽሑፍ መርመራ ጥራይ ተፈቒዱ ኣሎ /ይከኣል ኢዩ/ ።
7- ኣብ ሐመድ-ድብ (ምፍናው ሬሳ) እቲ በዝሒ ተሳተፍቲ፡ ካብ 50 ናብ 100 ክብ ከም ዝብል ተገይሩ፡ ተፈቒዱ ኣሎ።

**ኣስተብህል/መተሓሳሰቢ፥**
ኣብ ቤተክርስትያንና ብዝሒ ተሳተፍቲ ኣብ ሓደ ናይ ኣገግሎት መዓልቲ፡ 30 ጥራይ ኢዩ (ኣይተቐየረን)።

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቢተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን፡

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም፡ Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem***
Email: debreselammedhaniealem@gmail.com፡ Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081 JG Amsterdam Nederland**